# ምስግጋር ስልጣን ።

## ካብ መን ንመን።

ምስግጋር ስልጣን ጎነጽን ደም ምፍሳስን ከየስዕብ የሰከፈናዶ? እዛ ሕቶ'ዚእ ከም ዘላታ ካብ መርበብ ሓበረታ መስከረም እየ ወሲደያ። ጸረ ሓታታይ ዝኾነ ይኹን ጽልኢ የብለን።

ሀ) እዛ ሕቶ ስለምንታይ ተሓቲታ?

ለ) ኣየናይ ስልጣን፡ ካብ መን ንመን?

ሐ) ሓታታይ ዝፈልጦ ነገር ስለ ዘለዎ ዱዩ?

መ) ኣዛ ሕቶ ናዕቢ ንምፍጣር ኣይትመስልን"ዶ?

ሰ) ወይስ ሓታታይ ዝፈልጦ ዝተዳለወ መፈንጠራ ኔይሩ? ኣብ ዝብል እንተታት ትወስደካ።

ኣንበብቲ፡ ነዘን ሕቶታት እዚኣተን በብዝመስለኩም ክትምልስወን ፈቱኑወን"ሞ፡ መልሰን ብዝተረዳእኩሞ ተረድእዎ ህዝቢ ኣብ ምጥርጣርን ሕንፍሽፍሽን ንምእታው ዝብል መልሲ እየን ዝሕባ። ሓታታይ ካብ የዋህነት ተበጊሱ ወይ ካብ ጽልኢ ሰበስልጣን ውልቀ ሰብ ክኸውን ይኽኣል። ነዚኣ ግን ንሱን መርገጹን ጥራሕ ይምልስዋ። ኣብ ሃገርና ብዙሕ መምስ ግዜ ዝኸይድ ምስላታትት ኣሎ። ነዛ በሪሃ ተሓቲታ ዘላ ሕቶ ትበቅዕ ዝበልኩዋ ምስላ " እዛ ቡርኩታ እምኒ ኣላታ " ትብል ይብል።

ኣብዚ ካብተሞኩሮ ዝተማሃርናዮ ነገር ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ፕረስደንት ሞይቱ (ተሰዊኡ'ውን ኣይኮነን ዝብሉ) ተባሂሉ እዩ። ካብቲ ብዙሕ እዋናት ዝተባህለ፡ ጥቕሲ " ባዓል ነጻነት ኣይክርእን'ዩ " ዝብል ኔይሩ። ምዉት ክኸስስ ኢለ እይኮንኩን፡ ግን ባሃላይ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ንሱ ኣይረኣያን፡ ንኸይርኢ ዝተሓሰበ ማለ ፕረሲደንት ግን ምስ ህዝቡ ብዝግባእ ከም ኩለን ዓመታት ኣስተማቂሩዋ።

በተሓሳሰባን ኣብሃህላን ሓሳዳት ፕ.እሰያስ ዓሰርተ ግዜ ሂወቱ ሓሊፉ፡ ዓሰርተ ግዜ ከኣ ካብ መቓብር ተሲኡ። ኣብ ታሪኽ ዓለም ብቁዱሳት መጻሓፍቲ ዝተማሃርናዮ እንተሎ ብጀካ እየሱስ ኩርስቶስ ሞይቱ ዝተስኤ የሎን። እሞድኣ እዞም ደጋጊሞም ንሞቱ ዝምነዩ እንታይ ኮን ይኸውን ረብሓኦም? ስለምንታይ'ከ?

ንልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ዕድሚኡ ንቓልሲ ዘወፈየ። ውልቃዊ ረብሓ ዘይጠመተ። ንህዝቢ ዝኣተዎ መብጽዓ ዘይጠለመ። ንሱን ስድራኡን ከም ህዝቦም ተራ ናብራ ዝነብሩ ተቓሳይ ክጠፍእ ምምናይን ምሕላንን ናይ ሃገር ጥፍኣት እንዶ ኣይኮነን። ሰብ ከምዘይነብር ፍሉጥ ኮይኑ። ኣብ ዝተወሰነሉ ዕለትን ሰዓትን ከኣ ይፋኖ። ታሪኹ ግን ዘለኣለም ነባሪ ምኧኑ ግንዘበ ዘድልዮ ነገር ኣይኮነን"ሞ፡ "ጉድጓድ ንኾዓቲኣ ከምዝበሃል" ጉድጓድኩም ኣይትኹቱ።

ኣብ ህገርና ፖሎኢካዊ ፓርቲታት ክህልዋ ዝጸልእ ሰብ የለን። ቅድሚ ወራር ወያኔ ዝዝረበሉ ዝነበረ ኣርእስቲ እዩ። ቅኑዓት ፖሎቲካዊ ፓርትታት ምህላው ማለት፡ ናይ ዝተፈላለየ ማሕበራት ሓሳባት ኣቕሪብካ፡ ዘቲኻ፡ ብዲሞክራሲያዊ ውሳነታት ተቐይድኻ ንሃገር ዘርብሕን፡ መነባብሮ ህዝቢ ዘማሓይሽን መደባት ምውጻእ ማለት'ዩ። <u>ሓቀኛ ዲሞክራሲያውያን ማሕበራት ንብቁኑዕ ሓሳብን ተግባራትን ዝሰዓረን ፓርቲ ስለ ዝተሳዕራ ንሞት ኣይምነያሉን እየን።</u> ኣብ ውልቃዊ ቅርሕቲ ኣይኣምናን እየን። ኣብ ኣኸባ ግን ክሳብ ዝላዓለ ደረጃ ይማጎታ፡ ይነሃሃራ። ኣብ መደምደምታ ግን ዝቐይደን ሕጊ ስለ ዘሎ ብኣኡ ይምእዘዛ። ሕጂ ግን ፈቲና ጸሊእና ብየዋህነት ጥራሕ ጠሚትና፡ ኣብ ኤርትራ ፖሎቲካዊ ፓርቲታት ይቑማ ዝበሃለሉ መድረኽ ኣይኮነን። ነብስና ኣይነዓሻሹ፡ ህዝብና ኣይነደናግር። ምኽንያቱ እዘን መሰል ምቋምፓርቲታ ተነፊጉና ኢለን ዘማርራ ክሳብ ቅኑዕ ኣምር ዲሞክራሲ ዘጥርያ ክሓልምኦ'ውን ኣይግብኤንን። ከምቲ "እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ" ዝበልኩዋ እቲ ዝብላዕ በሊዕና ኣይንደርብያ፡፡ እታ እምኒ ስለምንታይ ትሽፈን'ውን ክንፈልጥ ክንክእል ኣሎና።

ኣብ መጨረስታ ከተሓሳስቦ ዝደሊ፡ ሕቶ ስለዝመጸካ ጥራሕ ኣይኮንካን ትሓቶ። ወድዓዊ ግዜን ክውንንነት ዝሓለወ ክኸውን ይግባእ። መሰረት ዘይብሉ ሕቶ ካብ እንተ ተበጊስካ ዝሕተት ካብ ጥቕሙ ብተደራራቢ ጉድኣቱ ስለ ዝዓቢ ኣስተውዒልካ ምሕሳብ የድልዮ። ኩሉ ህዝቢ ሓደ ዕግበት ኣሎዎ ኢልካ ኣይሕሰብን። ምናልባት ኩልና ንዕዘቦ ነገር ኣሎ። ገለ ሰባት <u>መከቲ</u> ኮይኖም ይጸንሑሞ ብሃንደበታዊ ጽልዋ ኣብ ሓንቲ ለይቲ ከም መሽረፈት ተገምጢሎም ይሓድሩ። ብጉልሂ ደስኪሎም ይረኣዩ። ኣቕሪብካ ምስትሓቶም ዝቡኻ መልሲ ዋላሓንቲ ትብል ቃልያ። ሕማሙ ዝሓብኤ መድሃኒት ነይብሉ ኣይንኹን።

ከም ለበዋ፡ ነዚ ኣብ ጋህዲ ዘቕየር ቀትራዊ ሕላሚ ዝሓስባ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን፡ ናይ ሃገር ጉዳይ ነቶም ዝሰርሑሉ ዘለዉ ግደፍዎ። ተሪፋኩም ዘሎ ዕድመ ገምጊምኩም ስራሕ ለባማት ስርሑ። ህዝቢ ሽጊሩዎ ካብ ምባል ሽግሩ ምቅላል ምሕሳብን ምትግባርን። ዑቁባትኩም ናብ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ቀይርክን ጽጉማት ርድኣሉ፡ ኣብ ክንዲ እገዳ ይወሰኽ ትብላ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ገብረንጉስ መስመር።